# YEAKIL MADE IN WEYANE

ዓመተ 2020 ጸብቒቕን ሕማቕን ሓቒፉ ናብ 2021 ትሰጋገር ኣላ። እቲ ዓቢ ሕማቕ ነገር፣ ንዓለም ዘንቀጥቀጠ፣ ንሓያላት ዘንበርከኸ፣ ቑጠባ ዓለም ዘዕነወ፣ ህይወት ሚልዮናት ኣህዛብ ዝቐዘፈ ሕማም ኮሮና ኮቪድ 19 ኣብ ዓለምና ብምንዛሑ እዩ። እዚ ሕማም ዋላ'ኳ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ናይ ሞት ሓደጋ እንተዘይተራእየ፣ ኣብ ቁጠባ ሃገር ግን ከቢድ ተጽዕኖ ፈጢሩ ኣብ መነባብሮ ህዝብና ዓቢ ጽልዋ ጌሩ ከምዘሎ ርዱእ እዩ።

ካልእ ሓደ ካብ'ቲ ንሃገርናን ህዝብናን ከባቢናን ዘገድስ ጽቡቕ ነገር እቲ ንልዕሊ 20 ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ መስዋእቲ ንኽኸፍል፣ ናብ ስደት ንክንበታተንን ቁጠባ ሃገርና ሰንከልከል ክብልን ኣብ ዓለም ተነጽሎ ንክህልወና ዝጽዕር ዝነበረ ደመኛ ጸላኢ ኣህዛብ ዝኾነ ስርዓት ወያነ ካብ ሱሩ ተማሒዩ ነበረ ያ ነበረ ዝኾነሉ እዋን ብምብጻሕና እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ የሃና! ንሓይልታት ምክልኻልና የሃና! ንክቡር ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፎወርቂ የሃና!

ኣቦታትና ክምስሉ እንክለዉ "ውራይ ግበር እሞ ፈታውን ጸላእን ከተላሊ" ይብሉ። ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዓለም ለበዳ ኮቪድ 19 ምስ ተጋህደን ኣብ ኤርትራ እግሩ ምስ ኣንበረን ነዚ ሕማም ንምምካት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝብና ብሓባር ንህዝቡ ክድግፍ ብሓያል ወኒ ክልዓል እንክሎ እዞም ይኣክል ዝብሉን ውድባት ኢና ዝብላን ተቛመርቲ ጉጅለታትን ህዝብና ንክይሕገዝ ሓያል ጎስጓስ ኣካይዶም ከይኣኽሎም ገንዘብ ኣዋጺኦም ነቲ ገንዘብ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ገቢቱ ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ዓለም ንብረት ዘጣጥሕ ዝነበረ ጃንዳ ወያነ ዘይተኣደነ ገንዘብ ኣረኪቦሞ።

ቀጺሉ'ውን ወራር ኣንበጣ ምስ መጸ'ውን ንህዝቢ ኤርትራ ኣዴኻ ማይ ትውረድ ኢሎም ብስም ህዝቢ ትግራይ ነዚ ሱሱዕ ጉጅለ ገንዘቦም ኣረኪቦም።

እቲ ዝኸፍኤ ይቕረ ዘይብሃሎ በደሎም ግን እዚ ንልዕሊ 20 ዓመት መሬትና ጎቢጡ፣ ህዝብና ፋሕ ብትን ክብል ለይትን መዓልትን ዝሰርሐ ዝነበረን ኤርትራ ብቑጠባን ዲፕሎማስን ክትሕነቕ ሃገረ ኤርትራ ነበረት ያ ነበረት ክገብራ ክጽዕር ዝጸንሐ ጭፍራ ኣብ ጎኑ ኮይኖም ነቲ ኣብ ውሽጢ ትግራይ

ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያን ኣብ ማይ ካድራ ዝነበሩ ሰላማውያን ሰባት ዝተገብረ ቅትለት ደገፍቲ ጥራሕ ዘይኮኑስ ሰራዊት ወያነ ንኤርትራ ንክንብጣ ብኣዋጃቶምን ጎስጓሳቶም ክሳብ ሕጂ ደጋጊሞም ይገልጽዎ ኣለዉ።

እዚ ጉጅለ ይኣክል ካልኣይ ገጽ ናይ'ቲ ትግራይ ትግሪኚ እንዳበለ ኣብ ልዕሊ ስነ-ኣእምሮ ኤርትራውያን ዝግበር ዘሎ ጎስጓስ ቀንዲ ተሓባበርቲ ኣተግባርትን እዮም። መደባቶም ንምዕዋት ድማ ምፍልላይ ሃይማኖትን ኣውራጃን እዮም ዝጥቀሙ።መብዛሕትኦም ኣባላት ናይ'ዚ ምንቅስቃስ ኣብ ኤርትራ ገበናት ፈጺሞም ዝሃደሙ፣ ኣብ ሊብያን ምስርን ሰባት ኣብ ምስግጋርን ኩሊት ኣብ ምሻጥን ዝተዋፈሩ ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎም በኣታታት እዮም።

<u>ሓደ ገበነኛን ሃገሩ ብጸላኢ ክትውረር ዝተሓባበር ብዝኾነ መልክዕ ደሞክራስያውን ለውጥን ክምጽእ ኣይክእልን እዩ።</u> ኣብ'ዚ እዋን እቶም ብገርሆም ኣብ'ዚ ምንቕስቓስ ዝኣተዉ ኩነታት እንዳበርሃሎም ስለዝመጸ ምስ ህዝብናን መንግስትናን ኢና ደው እንብል ክብሉ ይርከቡ ኣለዉ። ኩሉ ሃገራዊ ድማ ነዚኣቶም ጸኒዕም ኣብ መትከል ኤርትራውነት ክቕጽሉ ክነተባብዖም ይግባእ።

እቶም ጌና ብምስሉይ ደሞክራሲ ተደናጊሮም ድሕሪት ተሪፎም ዘለዉ ነዚ ህሉው ኩነታት ብምምዝዛን መንእሰይ ወለዶ ታሪኽ ሃገሩ፣ ጅግንነት ኣያታቱን ኣሕዋቱን ኣቦታቱን ብዝግባእ ተረዲኡ ኣብ ሃገሩ ተመሊሱ እጃሙ ዘበርክተሉ መንገዲ ክናዲ በዚ ኣጋጣሚ እላወዖ።

ታሪኽ ዘይብሉ ህዝቢ ህዝቢ ኣይኮነን። ሃገር'ውን ክትህልዎ ኣይትኽእልን እያ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ታሪኽ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ንምብልሻው ብወያነ ዝተላእኩ፣ ገዳይም ተጋደልቲ ኔርና እንዳበሉ ህዝቢ ብዘይ ታሪኽ ንክተርፍ ኣብ ፈቀዶ መራኸቢ ቡዙሃን ዝገብርዎ ዘለዉ ሕሱር ጸለመን ጎስጓስን ዋጋ ከይሃብና ሓቀኛ ታሪኽና ኣብ መዛግብቲ ህዝባዊ ግንባር ጥራሕ ከም ዘሎ ክግንዘቡ ይግባእ። ኣብ መድያታት ናይ ሃገሩ ክውከስን ድማ እዩ ዝግብኦ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ሩሑስ በዓል ቅንያት ልደትን ሓዲሽ ዓመትን!